Renting in Seattle

ኣከራይ ምኽን

ኣከራይ ገዛ ምኳን ብዙሕ ሕልኽላኻት ዘሎዎ እንትኸውን ብዛዕባ መሰልን ግዴታን ተኸራዩ ብዙሕ ምፍላጥ የድሊ። እዚ ብሮሹር (ሓጺር መግለጺ መጽሓፍ)፣ ብዛዕባ ንክጽገኑ ዝተሓተቱ ነገራት፣ ምውሳኽ ክራይ ገዛ፣ ከምኡውን ብዛዕባ ካብ ኣከራይ ገዛኻ ዝመጹ ካልኦት ክተስተውዕሎም ዘሎካ ሓበሬታታት መብርሂ ይህብ።

ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ **www.seattle.gov/rentinginseattle** ወይ ድማ ናብ **Renting in Seattle Helpline** (ስልኪ መስመር ሓገዝ ምክራይ ኣብ ሲያትል) ብ **(206) 684-5700** ደውል።

City of Seattle

Tigrinya

ናይ ጽገና ሕቶ

- ጽገና ምስዘድሊይ ንኣከራይ ገዛኻ ኣቀዲምካ ሓብር። ኣብ ሓደ ሓደ እዋናት፣ ጽገና እንዳ ኣድለየ ከሎ ክትሕብር ዘይምኽኣልካ ሲዒቡ ንዝመጽእ ሓደጋን ዋጋታቱን ተሓታቲ ይገብረካ። ዝልሑኹ ቡምባታትን ብቀጻሊ ዝፈሱ ቡምባታት ናይ ሽቓቕን ወርሓዊ ክፍሊት ናይ ማይ ክብ የብልዎ። ዝተኸሰተ ነገር ብቕልጡፍ ዘይምሕባርካ ኣከራይ ገዛ ተሓታቲ ክገብረካ ይኽእል።
- ጽገና ክትሓትት ከሎኻ ብጽሑፍ ክተቅርብ ናይ ግድን እዩ። ኣገዳስነት ናይ ንክጽገን ዘቕረብካዮ ሕቶ ኣብግምት ብምእታው ኣከራይ ገዛኻ ኣብ ውሽጢ እተወሰነ ጊዜ ክምልስ ይግባእ።
- ኣከራይ ገዛ ኣብ እዋኑ ክምልሰልካ ምስ ዘይኽእል፣ ናብ Renting in Seattle Helpline ደውል። ኢንስፔክተር ንዝጠራዕካዮ ጉዳይ ንኽምርመር ቆጸራ ይሕዝ፣ ኣከራይ ገዛኻ ዝጠሓሶ ሕጊ እንተሎ ድማ ንኽእርም ይጽውዕ።
- ብዘይ ገለ ኣቕዲምካ ብጽሑፍ ዝተገበ ስምምዕ ገዛ ኣይተጸገነን ኢልካ ዘይምኽፋል ወይ ድማ ብሽም ንመጸገኒ ዝወጸ ወጻኢ ክራይ ገዛ ነኪኻ ምሃብ፣ ካብ ገዛ ለቒቕካ ንኽትወጽእ ዘገድድ ሓደጋ ክስዕበልካ ይኽእል።

ኣከራይ ገዛን ክገብሮም ዝኽእሉ መሰላቱን

- ፍሉይ ምኽኒያት ምስዝህሉ፣ ኣከራይ ገዛኻ ኣቕድም ኣቢሉ ሓበሬታ ብምሃብ ቤትካ ክኣቱ ይኽእል።
  - **ንካልእ ክካርዮ፣** ክሸጦ፣ ወይ ምስ ኮንትራክተር ዋጋ ክዋገ ምስ ዝደሊይ፣ ኣካራይ ገዛ ነ መዓልቲ ኣቀዲሙ ሓበሬታ ብምሃብ ናብ መንበሪኻ ክኣቱ ይኽእል።
  - **ዝተሰማማዕኩሙሉም** ጽገናታት ወይ ካልእ ኣገዳሲ ለውጢታት ከካይድ ምስ ዝደሊይ፣ ኣካራይ ገዛኻ 2 መዓልቲታት ኣቕዲሙ ክሕበረካ ኣለዎ።
- ምስ ስራሕ ኩነታት እንተ ዘይጥዕመካ ኮይኑ፣ ኣከራይ ገዛ ዝጠለቦ ሕቶ ናይምንጻግ መሰል ኣሎካ፣ ግና ካልእ ኣማራጺ ግዜን ሰዓትን ክትህቦ ናይ ግድን እዩ።
- ናብ እትንብረሉ ቤት ናይምእታው መሰል ተኸራዩን ኣከራይን ክልቴኹም ቅቡል ብዝኾነ ምኽኒያት ክትስማምዑ ሕጊ የጽድኹም እዩ።
- ኣከራይ ገዛኻ ናብ ቤትካ ንኽኣቱ ንምትሕብባር ዝገበርካዮም ጻዕርታት መዝግቦም። ኣከራይ ገዛኻ ናብ ቤትካ ንኽኣቱ ትነድን እንተድኣ ኮይኑ ግና፣ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልትታት ንኽትሰማማዕ ወይ ድማ ገዛ ለቒቕካ ንኽትወጽእ ዝሕብር መጠንቀቕታ ክዋሃበካ ይኽእል።
- ኣከራይ ገዛኻ ብዘይ ገለ መጠንቀቕታን ብዘይ ፍቓድካን ናብ ቤትካ ክኣቱ ዝኽእል ዝኾነ ይኹን ህጹጽ ነገር ከም ባርዕ ወይ ዓቢ ፍሰት ማይ ምስ ዝህሉ እዩ።

ምውሳኽ ወጻኢታት ክራይ

ወጻኢታት ክራይ፣ ክራይ ገዛ፣ ፓርኪንግ፣ መኽዘን፣ ወይ ድማ ካልእ ምስ ክራይ ዝተኣሳሰር ዘይተከፍለ ክፍሊት የጠቓልል።

- ኣብ ከተማ Seattle፣ ናይ 10% ምውሳኽ ክራይ ገዛ ክግበር እንተድኣ ኮይኑ፣ ቅድሚ 60 መዓልቲታት ኣቀዲምካ ክሕበር ኣለዎ። ምውሳኽ ክራይ ትሕቲ 10% ምስ ዝኸውን ድማ፣ ቅድሚ 30 መዓልቲታት ኣቀዲምካ ክሕበር ኣለዎ።
- ዝዋሃቡ መጠንቀቕታታት፣ ሓበሬታ ብዛዕባ መሰላት ተኽራይ ገዛ፣ ከምኡ ድማ ብዛዕባ ናይ ከተማን ስቴትን መምርሒታት ሕጊ ዘርኢይ ጽሑፍ ክጠቓልሉ ኣለዎም።
- ዝተኻረዩ ገዛ ኣብ *www.seattle.gov/rrio* ዝተገልጹ መሰረታዊ ነገራት ምስ ዘየማልእ፣ ምውሳኽ ክራይ ገዛ ኣብ ተግባር ቅድሚ ምውዓሉ ኣካራይ ገዛ ንዝጠለብካዮም ሽግራት ክፈትሖም ይግባእ።
- ምውሳኽ ክራይ ገዛ ኣብ ተግባር ቅድሚ ምውዓሉ፣ ብዛዕባ ክዕረዩ ዝጠለብካዮም ሽግራት ንኣከራይ ገዛኻ ብጽሑፍ ክትሕብር ኣሎካ። ከተማ Seattle ንዝጠለብካዮም ሽግራት ወይ ናይ ጽገና ኣገልግሎት ንክጸረ መርመራ የካይድ። ዝጠለብካዮም ሽግራት ወይ ናይ ጽገና ኣገልግሎት ክጸረየልካ ቆጸራ ንምሓዝ ናብ ምምሕዳር ከተማ Seattle Renting in Seattle Helpline ደውል።

ካልኣት ዝውቱራት መጠንቐቕታታት

ካብ ኣከራይ ገዛኻ መጠንቐቕታ ክትቕበል ከሎኻ ብዕቱብ ተኽታተል። ናይ ጊዜ ገደብ ዘለዎን ኣዝዩ ተኣፋፊን ሓበሬታ ክሕዝ ይኽእል። ኣከራይ ገዛኻ ኑቲ ናይ መጠንቐቕታ ወረቐት ኣብ ኢድካ ክህበካ ይግባእን ምናልባት ንዓኻ ብኣካል ክረኽበካ እንተድኣ ዘይኮነ፣ ብንጹር ኣብ ማዕጾኻ ክሰቕሎ ኣለዎ፣ ቅዳሕ ናይቲ መጠንቐቕታ ድማ ብፖስጣ ናብ ኣድራሻኻ ይልእኾ።



- ***ኣብ ውዕል ክራይ ገዛ ንዝግበር ለውጢ ዝዋሃብ ናይ 30 መዓልትታት መጠንቐቕታ:*** ዝተስማማዕካሉ ውዕል ኣከፋፍላ ወርሓዊ ዝግበር እንተኮይኑ፣ ኣብቲ ውዕል ለውጢ ንምግባር ኣካራይ ገዛኻ 30 መዓልትታት ኣቐዲሙ ሓበሬታ ክህበካ ኣለዎ። እቲ መጠንቐቕታ ምስቲ ኣብ ውዕልኩም ዝተገልጸ፣ መወዳእታ ዕለት ናይ ክራይ ገዛ ክዛነቕ ኣለዎ።
- ***ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲታት ምምእዛዝ ወይ ድማ ምልቃቕ:*** እዚ መጠንቀቕታ፣ ምጥሓስ ዝኣተኻዮም ውዕላት ክራይ ገዛ ይምልከት። መጠንቐቕታ ካብ ንቡር ወጻኢ ዝኾነ ዓው ዝበለ ድምጺ፣ ሽጋራ ምትኻኽ ኣብዘይፍቀደሉ ቦታ ሽጋራ ምትኻኽ ክጠቓልል ይኽእል። ንዝተዋሃበካ መጠንቐቕታ ምስ ዘይተማልእ ለቒቕካ ናይምውጻእ ሓደጋ ኪጋጥመካ ይኽእል። ኣብ መጠንቐቕታ ዝተዋህበ ሓበሬታ ዘይትቅበሎ እንተድኣ ኮይንካ፣ ብጽሑፍ መልሲ ክትህበሉ የድሊ።
- ***ኣብ 3 መዓልቲታት ምኽፋል ወይ ድማ ምልቃቕ:*** ክራይ ገዛ ብእዋኑ ምስ ዘይክፈል እዚ መጠንቐቕታ ይስዕብ። መጠንቐቕታ ክራይ ገዛ ምስ ዝተዋህበካ ኣብውሽጢ ሰለስተ መዓልትታት ትኽፍል፣ ወይድማ ናይ ምልቓቕ ሓደጋ የጋጥመካ። ክራይ ገዛ ትኽፍለሉ ጊዜ ዝድንገዩ ምኽኑ እንተገሚትካ፣ ንኣከራይ ገዛ ኣቐዲምካ ምሕባር የድሰ። ብፍላይ መብዛሕቱ ጊዜ ክራይ ብእዋኑ ትኽፍል እንተድኣ ኮይንካ፣ ኣከራይ ገዛ በዚ ጉዳይ ይተዓጻጸፍ ይኽውን (ብዛዕባ ኪራይ ናይ ጥርዓን ሓበሬታ ብዝበለጸ ንምፍላጥ ኣብ ታሕቲ ስዒቡ ዘሎ ጽሑፍ ኣንብብ)።
- ***ናይ ምቁራጽ መጠንቐቕታ:*** ካብ ኣከራይ ገዛ ናይ ምልቃቕ መጠንቐቕታ እንተድኣ ተቐቢልካ፣ *www.seattle.gov/rentinginseattle* ወይ ድማ ናይ ከተማ Seattle ካብ ክራይ ገዛ ናይ ምውጻእ ሕግታት ብሮሹር ተወከስ (ብዛዕባ ኪራይ ናይ ጥርዓን ሓበሬታ ብዝበለጸ ንምፍላጥ ኣብ ታሕቲ ስዒቡ ዘሎ ጽሑፍ ኣንብብ)።

ካብ ኣከራይ ገዛ ዝተቀበልካዮ መጠንቐቕታ ናይ ምርዳእ ጸገም ሃሊዩካ፣ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ ወይ ድማ ናይ ሕጊ ሰብ ክተዛርብ እንተደሊኻ፣ ናይ ከተማ Seattle ምምሕዳር ጉዳይ ክራይ ኣብ Renting in Seattle Helpline ተወከስ።

ናይ ክራይ ገዛ ሓገዝ ንምርካብ ዝግበር ጥርዓን

ናይ ክራይ ገዛ ሓገዝ ምስ ዘድልየካ፣ ናብ Community Information Line (መስመር ኮሚዩኒቲ ሓበሬታ) 211 ብምድዋል ዝርዝር ናይ ክሕግዙ ዝኽእሉ ትካላት ተቐበል።

ኣብ 3 መዓልቲታት ምኽፋል ወይ ምልቃቕ ዝብል መጠንቐቕታ እንተድኣ በጺሑካ፣ እሞ ካብ ሳልሳይ ኣካል ናይ ገንዘብ ሓገዝ ምስ ዘድሊየካ፣ ንኽትከፍል ቃል ዘኣተኻሉ ጽሑፍ ኣከራይ ገዛ ክቕበሎ ኣለዎ። ሳልሳይ ኣካል ቤተክርስቲያን፣ ንትርፊ ዘይኮነ ትካል፣ ወይ ድማ ውልቀሰብ ክኽውን ይኽእል።

- ንኽትከፍል ዝኣተኻዮ ቃል ብጽሑፍ ክኽውን ኣለዎ።
- እዚ ድማ እቲ ናይ ኣብ 3 መዓልቲታት ምኽፋል ወይ ምልቃቕ ዝብል መጠንቐቕታ ቅድሚ ምሕራሩ ክግበር ኣለዎ።
- ሳልሳይ ኣካል ንክኽፍል ዝኣተዎ መብጽዓ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልትታት ክትገብሮ ኣለካ።
- እቲ ዝኽፈል ክፍሊት ድማ ብጥቕሉ ወይ ምስ ካልእ ገንዘብ ተሓዊሱ ኑቲ ዘይተኽፍለ ናይ ገዛ ኽራይ ዝሸፍን ክኽውን ኣለዎ።

ርትዓዊ ዝኾነ መሳለጥያታትን ምምሕያሻትን

ስንክልና ዘለካ ተኸራይ ገዛ እንተድኣ ኮይንካ፣ ርትዓዊ ዝኾነ መሳለጥያታትን ምምሕያሻትን ክግበረልካ ክትጠልብ ኣሎካ።

- መሳለጥያ ማለት ናይ ኣሰራርሓን ኣተገባብራን ለውጢ መታን ክግበር ዝሕተት ሕቶ የጠቓልል። ንኣብነት፣ ምናልባት ዘጋጠመካ ሓደጋ ወይ ስንክላና ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ምስ ዘስዕብ ናብ መንበሪኻ ዝቀረበ ፓርኪንግ ክህልወካ ምጥላብ፣
- ናይ ምምሕያሽ ጠለብ ድማ ፊዚካላዊ ዝኾነ ለውጢ፣ ንኣብነት መደገፊ ነገር ክትከል ወይ ዊልቼር ዝድይበሉ መንገዲ ንኽስራሕ ምጥላብ የጠቓልል። ኣከራይ ገዛ ካብ ፌደራል መንግስቲ ሓገዝ እንተዘይረኺቡ፣ ንኽምዚ ዓይነት ዝግበር ለውጢ ዝወጽእ ዋጋ ተሓታቲ ባዕልኻ ኢኻ።

ንተኸራይ ዝግበር ሓለፋታት

- ብዛዕባ መሰላትካ ስለዝተጣበቕካ፣ ዝተጉበረ ኣድልዎ ከምዘሎ ስለዝሓበርካ፣ ብዛዕባ ገዛ ወይ ብዛዕባ ኣከራይ ገዛኻ ተዛራብካ ብዝብል፣ ኣከራይ ገዛ ኣንጻርካ ክብገስን ክምድርን ብሕጊ ኣይፍቀድን። ከራይ ምውሳኽ፣ ኣገልግሎት ምንካይ፣ ወይ ድማ ንኽትለቕቕ ፈተነታት ምግባር ገለ ካብቶም ህልኽ ኣንጻራዊ ስራሓት እዮም።
- ተኻረይቲ ኣብ ገዝኡም ኣኼባ ናይ ምግባር፣ መጻዋዕታ ናይ ምዝርጋሕ፣ ወይ ድማ ብዛዕባ ከራይ ምስ ካልኦት ተኻረይቲ ናይ ምርኻብን ምምይያጥን መሰላት ኣለዎም።
- ኣከራይ ገዛ፣ መፍትሕ፣ ኣገልግሎት ዝህቡ ነገራት ምብታኽ፣ ማዕጾ ወይ መስኮት፣ ኣቕሑት፣ ወዘተ ክቕይር ብፍጹም ኣይፍቀደሉን እዩ።

City of Seattle
Seattle.gov/rentinginseattle
መስመር ሓገዝ (206) 684-5700

Seattle ኣብ ንኹሉ ዝሓቁፍ ጽንባረን ማዕርነት ዜጋን እያ ትኣምን። ስደተኛታትን ዕቕበኛታትን ኣብዚ ከተማ ሓንጎፋይ ኢልና ንቕበሎም። ኩነታት ጉዳይ ስደተኛነት ብዘየገድስ፣ ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ከተማ Seattle ንነበርቲ ብዛዕባ ዜግነትን ካልእ ጉዳያትን ኣይሓቱን።

ስንክልና እንተድኣ ሃሊዩካ እሞ ብዛዕባ ስንክልና ብካልእ ኣማራጺ ዓይነት ሓበሬታ ካባና እንተደሊኻ ናብ መስመር ሓገዝ ደውል። ናይ ምስማዕ ጸገም ንዘለዎም ዝግበር ሓገዝ TTY መስመር (206) 233-7156 እዩ።

ኣገልግሎት ትርጉም ኩሉ ጊዜ ቅሩብ ኣሎ። እዚ ሰነድ ኣብዚ ዝስዕ ክትረኽቦ ትኽእል:
English • Spanish • Oromo • Somali • Amharic • ᏣᎳᎩ • 中文 • 한국어 • ພາສາລາວ
русский язык • ภาษาไทย • Tigrinya • Tiếng Việt